



# ጻውዒት

<u>ንክቡራት የሕዋት ተቓወምትን ክቡራት የሕዋት ህግደፍን</u>

**ብሃይለ መንገሻ ዑቕበ ዝቐረበ ህዝባዊ መዘክር ቁ. 1**
**ፈብሩዋሪ 21፡ 2020**

ክንድዚኦም ዝኣኽሉ፡ ሽሾ ሽጉራት ኤርትራውያን ኣብ መዓስከራት ሊብያ ኣለዉና'ዲዮም? ዘብል ናይ ሕሰም ምስቁቛር ከምዘስዕበልኩም፡ ግምት ክገብር ይኽእል።

እዘን ኣቐሪበልኩም ዘለኹ ፎቶታት፡ ቅድሚ ላምፐዱዛ፡ ቅድሚ መዓስከራት ሊብያ ወይ ናይ ኮላሊት ዘረፋ ሕምብርትታት ሲናይ ምግሃደን፡ ኣብ ከብዲ ዓዲ ኤርትራ ዝተፈጸም፡ ንሕና ኤርትራውያን ኣብ ልዕሊ ካልኦት ኤርትራውያን ዝፈጸምናዮ ዘሰካሕክሕ ጭካኔ፡ ከም መርኣያ ንታሪኽ ዓቒበየን ዝጸናሕኩ፡ ኣርካይቫል ፎቶታት ኢየን።

ናብተን ፎቶታት ተመሊስኩም፡ ገለ ገለ ገጻት ናይቶም መሳኪን በጃኹም ስካን ግበርዎም። ጭካኔ ናይ ኢሳያስ ኣፈወርቂ እንተላይ ናትና ኤርትራውያን ጭካኔ መመሊሱ ክጋሃደልና ኢዩ።

እዞም ሽሾ ወልደ-ሓዘንተኛታት፡ ውድብ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ (Eritrean Liberation Front)፡ ብህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራን ብህዝባዊ ወያነ ሓርነት ትግራይን ብታንክታት ህዝባዊ ግንባርን ተሃሪሙ ምስተጨፍለቐ፡ ምሩኻት ውግእ ዝኾኑ ተጋደልቲ፡ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ኢዮም።

ዝኾነ ደርማስ ዝበሃል ውድብ፡ ብሰለስተ ዘራያት እንተተደሪዑ፡ ካላስ ኣኺልዎ ዓወት ንሓፋሽ ከብል ምኽኣኑ፡ ዘይተርርፍ ስነ ሞጎታዊ ሓቂ'ዩ።

መሊስና ደጋጊምና ገጾም ንርኣዮም። ንሶም፡ ንሕና ኤርትራውያን ምሩኻት ክኾኑ ዝገበርናዮም ምሩኻት ኤርትራውያንዮም።

ኣብቲ ካብ ፈብሩዋሪ 1980 ክሳብ ማርች 1981 ዝተፈጸመ፡ ጨካን ናይ የሕዋት ንየሕዋትል ቅተል ተቓታተል ውግእ፡ ተሓኤ (ELF) ካብ ሜዳ ኤርትራ ነበርያ ነበረ ኮይና። መሬትን ህዝብን ኤርትራ ድማኒ 100% ንፋሽስታዊ ኢሳያስ ኣፈወርቂ ተሓድገ።

እዘን ኣብ ታሕቲ ዘለዋ ክልተ ጽቡቓት ዘርኢ ንርኣየን። እዚኣቴን፡ ኣብቲ ኣብ ሳሕል ዝነበረ ፋብሪካ ኮንጎ ዝሰርሓ ዝነበራ ተጋደልቲ ናይ ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ ኢየን።



ብሕቡእ ሰልፊ (EPRP) ብምስጢር ኣብ ኣኸያሽ ተመሊኦም፡ ኣብ ኤነ-3ታት ተጻዒኖም ካብ ሳሕል ንደደቢት፡ ትግራይ ትራንስፖርት ዝተገብሩ ኮንጎታት።

እዘን ጽቡቓት ዘርኢ፣ መቕተሊ የሕዋተን ዝኸውን ኮንጎታት ብብጽምዲ ኣብ ምጥማር ይርከባ። ኣባላት ሕቡእ ሰልፊ ናይ ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ (Eritrean Peoples Revolutionary Party)፣ ካብዚ ናይ ሳሕል ፋብሪካ ኮንጎ፣ ብምስጢር ኣሽሓት ኮንጎታት ኣብ ኣኽያሽ መሊኦም፣ ኣብ ኤኑ-3ታት ጽዒኖም፣ ካብ ሳሕል ናብ ናይ ህዝባዊ ወያነ ሓርነት ትግራይ ደጀን ደደቢት ትራንስፖርት ጌሮም፣ ንወያነ ልኣኹሎም።

እቶም ኣብቲ እኩይ ዝርያ ዝተሳተፉ 6,000 ህዝባዊ ወያነ ሓርነት ትግራይ፣ ነዚ ናይዘን ጽቡቓት ዘርኢ ፍርያት ኮንጎ ናይ ሳሕል ወዲዮም ኢዮም፣ ነሕዋተን ንተሓኤ (ELF) ዘጥቅዑ ዝነበሩ። ምስጢር ናይቶም ኮንጎታት፣ ህዝቢ ኤርትራ መንነት ናይቶም ኣብ መሬቱ ኣቲዮም፣ ንተጋደልቲ ተሓኤ (ELF) ዘጥቅዑ ዝነበሩ ህዝባዊ ወያነ ሓርነት ትግራይ ንኸይፈልጥ ናይ ሕቡእ ሰልፊ (EPRP) ዓቢ ምስጥራዊ ወንጀል ነበረ።

እቶም ኣብ ውሽጢ ህዝባዊ ወያነ ሓርነት ትግራይ፣ ዝተሰኰዑ ኣባላት ሕቡእ ሰልፊ (EPRP) ንህዝባዊ ወያነ ሓርነት ትግራይ፣ ካብ መሬት ትግራይ ናብ ውሽጢ ሜዳ ኤርትራ መሪሖም፣ ካብ ቦታ ናብ ቦታ ኣንቀሳቒሶም፣ ንመሳኪን ተገደልቲ ተሓኤ (ELF) ቾብ የብሉን፣ ነሕዋቶም ብጓና የጨፍጭፉን ነበሩ።

ሕጂ ንሕና ኤርትራውያን፣ ንክቡራን ጎረቤትና ህዝባዊ ወያነ ሓርነት ትግራይ ምስቲ ሰላይ ቁሮ ናይ ኢሳያስ

**ዝኾነ ኣቢይ ኣሕመድ ከምኡ'ውን ምስ ፋሺስታዊ ኢሳያስ ኣፈወርቂ ኬንና ንህዝባዊ ወያነ ሓርነት ትግራይ ቾብ ከነብል ወይ ክንብል ማለት ዘበት ምኳኑ፡ ኩልና የዐሪና ክንፈልጥ ይግባእ።**



ኣብ ናይ ተሓኤ (ELF) ደጀናዊ ስፍራ ባርካ፡ ኣብ ቤት ትምህርቲ ጽባሕ ዝነበረ ኪንደርጋርተን።

**መዓልቱ ምስ መጸ፡ ሕግታት ፌደረላዊ መንግስቲ ኢትዮጵያ ብዘፍቅዶ መሰረት፡ ኣብ መንጎ ደሞክራሲያዊ መንግስቲ ኤርትራን ክልላዊ ምምሕዳር ናይ ትግራይን ኣብ ዝግበር ወግዓዊ ክልተኣዊ (Bilateral) ዝርርብ፡ ነቲ ጉዳይ ኣብ መኣዲ ጤረጴዛ ኣምጺእና፡ ነቲ ዝጸንሐ ቂም በቀል ብጭዋነት**

ክንፈትሖ ምኽንና ኣይንጠራጠርን ኢና። ግን ከም መምሃሪ ብቻ ካብ ምጽዋዩ ድሕር ኣይክንብልን ኢና።

ጉዳይ ዶብ፡ ኤርትራውያን ደሞክራሲያዊ መንግስትና ምስ ሓዝና ምስ ፌደራላዊ መንግስቲ ኢትዮጵያ ተዛቲና ባዕላትና ከነሐንጽጾ ምኽንና ኩልና ክንግንዘቦ ይግባእ። ፋሺስቲ ኢሳያስ ኣፈወርቂን ወዱ ኣብርሃም ኢሳያስ ኣፈወርቂን ካብ ገጽ ኤርትራ ይጥፍኡ እምበሪ ጉዳይ ዶብ ወይ ጉዳይ ባድመ፡ ኣለናሉ ባዕላትና።

## ጸሊም ታሪኽና ከይድገም

ንሕና ኤርትራውያን፡ ካብቲ ዝሓለፈ ናይ 1980-81 ጸሊም ታሪኽና ፈጺምና ዘይምምሃርና፡ ብዙሕ ዘሕዝንዩ። ናይዞም ሕጂ ዘሎና ተቓወምቲ ዲያስፖራ፡ ሓፈሻዊ ኣመለኻኽታ ኣብ ልዕሊ ህግደፍ ዲያስፖራ፡ ካብቲ ናይ ዝሓለፈ መዋእል፡ ናይ የሕዋት ንየሕዋት ቅተል ተቓታተል ውግእ ኣይወጸን ዘሎ።

ንሕና ተቓወምቲ ዲያስፖራ ኣመለኻኽትና ኣብ ልዕሊ ህግደፍ ዲያስፖራ ክሳብ ዘየዐረና፡ ህግደፍ ዲያስፖራ ኣብ ልዕሌና ዘለዎም ኣመለኻኽታ ክቕየር ፈጺምና ክንጽበ የብልናን። ኢሳያስ ኣፈወርቂ ከኣ ኣብዛ ቀጣን መስመር ናይ ሕየትን ሞትን መፈላልዩ፡ ህላውነቱ ኣዕቍቡ ይርከብ።

ደጊም ተቓወምቲ ዲያስፖራ ሕጅስ ይብለየልና። ብመጀመርታ ንሕና ቶባእ ንመፈላልዮ ንበል።

ህግደፍ ዲያስፖራ፣ ከም ህዝቢ ኤርትራ፣ ከም ኣዴታት ኤርትራን ከም ሰራዊት ኤርትራን ግዳያት ኢሳያስ ኣፈወርቂ ምዃኖም የዐሪና ክነለሊ ይግባእ። ኣብ ኤርትራ'ሲ ኢሳያስ ግዳይ ዘይገበሮ ኣሎ ዲዩ?

እቶም ስትራተጂካውያን ጸላእትና ላዕለዎት ሓለፍቲ ህግደፍ ከም በዓል የማነ ገብርኣብ (ማንኪ) ክመጹ ከለዉ ግን ኣብ ሕነኞ ተሓናነኞ ኣባርኞ ተቓወምቲ ምዃን ከምዘድሊ፣ ንኹልና ስዉር ኣይኮነን።

ማዕረ ማዕሪኡ ኣብ ልባውትና፣ ተጻዋርነትን ሪኮንስሌሽንን ምስቶም የሕዋትና ህግደፍ ናይ ዲያስፖራ ካብ ሕጂ ከነተኣታትው ይግባኣና፣ ስለቲ ውጹዕ ህዝቢ ኤርትራ።

ሞት ንኢሳያስ ኣፈወርቂ
ሞት ንኣብርሃም ኢሳያስ ኣፈወርቂ

Please submit your inputs and comments.

Haile Menegesha Okbe
Toronto, Canada

COM LINKS
Cellphone:  416-858 9305
Email:  haileokbe@yahoo.com
Facebook:  Haile Mengesha Okbe
WhatsApp:  Haile Menegesha Okbe